# ካልኣይ ሰንበት ድኅረ ልደት
# ሰንበት ዘናዝሬት

**ሮሜ ፲፫፡ 1 - 14፣ ፩ ዮሓ ፬፡14- ፍጻ፣ ማቴ ፪፡ 19 - ፍጻ**

**ስብከት፡**

ናሁ ሰማዕናሁ በኤፍራታ ወረከብናሁ ውስተ ገዳመ ገዳም ንበውእ እንከ ውስተ ኣብያቲሁ ለእግዚኣብሔር።

እንሆ ኣብ ኤፍራታ ሰሚዕናዮ፡ ኣብ በረኻ ድማ ረኺብናዮ ኢና እሞ፡ ናብ ቤት እግዚኣብሐር ንኣቱ።

**መዝሙር**

ንገሥኪ ጽዮን፡ ለትውልደ ትውልድ መጽአ ኀቤነ" ዘኪያሁ ይሰፌዉ ሰማያት ወምድር። ዕበይ ለነገሥት፡ ብርሃኖሙ ለእለ ይጸመድዎ፡ አክሊለ ሰማዕተ ሠያሜ ካህናት ዓምዳ ወድዳ ለቅድስት ቤተክርስትያን፡ በቤተ ልሔም ተወልደ ወበናዝሬት ተሐጽነ፡ ኢተዘኪሮ ኣበሳነ ኢኃደገነ ፍሥሐ ኮነ ዘውእቱ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዘውእቱ ኢየሱስ ክርስቶስ።

ንጉሥኪ ጽዮን፡ ንዘለዓለም ናባና መጸ፡ ሰማያትን ምድርን ኣብኡ ተስፋ ይገብሩ።ንሱ ዕቤት ነገሥታት ኢዩ፡ ነቶም ምስኡ ዚጽመዱ ብርሃን ይኾኖም፡ ኣኽሊሎም ንሰማዕታት፡ ንካህናት ማዓርጎም፡ ንቤተክርስትያን ዓንዳን ጸግዓን። ኣብ ቤተልሔም ተወሊዱ ኣብ ናዝሬት ዓበየ። ኣበሳና ከይዘከረ ኣይጠለመ ናን፡ ስለዚ ንዓና ንፍሥሓ ኮነና፡ ንሱ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ።

ቦኣ ኢየሱስ ናዝሬት ኀበ ተሐጽነ እምኀበ አቡሁ እምሰማያት ወረደ ወእማርያም ተወልደ ወልድ መድኅን ክብረ ቅዱሳን ፍሥሓ ዘይከውን ለኵሉ ዓለም ቤዛ ኵልነ ገብረ ሰላመ ማእከሌነ።

ኢየሱስ ኣብታ ዝዓበየላ ናዝሬት ኣተወ። ወልደን መድኀንን ካብ ኣቡኡ ካብ ሰማያት ወረደን ካብ ማርያም ተወልደን፡ ክብረት ቅዱሳን፡ ፍሥሓ ንኵሉ ዓለም ዚኸውን፡ ቤዛ ኵልና ኣብ ሞንጎና ሰላም ገበረ።



ሎሚ ናብ ናዝሬት ኣቲና፡ ኣብ ቤት ኢየሱስን ማርያምን ዮሴፍን ከም በጻሕቲ ኣጋይሽ ኰይና ክንውዕል ተፈቒዱልና ኣሎ። ኢየሱስ ከም ማንም ቈልዓ ኪውለድን እናበኸየ ካብ ኣጥባተ ኣዲኡ ጸባ ኪጠብውን ኪዓብን ከምዝደለየ፡ ከምኡ ኣብ ናዝሬት ካብቶም ካልኡት መሳትኡ ከይተፈለየ ኪዓቢ ከምዝመረጸ ንዕዘብ። ስለዚ ከም ማንም ወዲ እስራኤላዊ ናብ ቤት ጸሎት ናዝሬት እናኸደ ንባብን ጽሑፈትን፡ ትእዛዛት እግዚኣብሔርን ተማሂሩ፣ ከም ማንም እስራኤላዊ ናብ መጓሰ ኣባግዕ ሥድራኡ ወፊሩ ኪኸውን ክንሓስብ ንኽእል።ደሓር ናብ ሓዋርያዊ ሥርሑ ምስተዋፈረን ኣብ ጕዕዞኡ ብናዝሬት ምስ ሓለፈ፡ እሞ ኣብ ቤተመቕደስ ኣትዩ ካብ ቅዱስ መጽሓፍ ጥቕሲ ወሲዱ ምስ ኣንበበሎምን ትርጉሙ ምስ ገለጸሎምን፡ ደቂ ዓዱ፡ ተደኒቖም፡ *"እዚ ኵሉ ፍልጠት ደኣ ካበይ ኣምጺኡዎ? ኣይ*

*ሓቦኡን ሓዲኡን ቤተሰቡን ንፈልጦም እንዲና!"* ቢሎም ተገረሙ፡ ኪብል እንከሎ ቅ. መጽሓፍ፡ ኢየሱስ ካብቶም ካልኦት ሕጻናት ጠባይ እንተዘይኮይኑ ካልእ ብልጫ ከምዘየርኣየ ክንርዳእ ንኽእል። ብዛዕባ ጠባይ ዝመጸ ግን ቅ. ሉቃስ ሓድሓደ ሓሳባት ይእምተልና። *"እቲ ሕጻን ዓበየ፡ ጥበብ መሊኡዎ'ውን ደልደለ፡ ጸጋ ኣምላኽ ድማ ኣብኡ ነበረ።"* (ሉቃ 2፡ 40) ጽንሕ ኢሉ ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ወዲ 12 ዓመት ምስ ኮነ፡ *ምስ (ወለዱ) ወሪዱ ናብ ናዝሬት መጸ፡ ይእዘዞም ነበረ፡ ኣዲኡ ድማ ነዚ ኹሉ ነገር ኣብ ልባ ተዋህልሎ ነበረት። ኢየሱስ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብ ብጥበብን ብቑመትን ብጸጋን ዓበየ።"* (ሉቃ 2፡ 51-52) ስለዚ ኢየሱስ ጥበብን ጸጋ-ኣምላኽን መሊኡዎ ስለዝነበረ፡ ንሥድራኡ እናተኣዘዘ ከምዝዓበየ ንፈልጥ።

ኣብ ትዕዝብትና ኣከያይዳ ማርያምን ዮሴፍን ክንጥምት ግቡእ ኢዩ።
ናይቲ ገዛ ሓላፍን ርእስን ዮሴፍ ኢዩ። እግዚኣብሔር ንማርያም ምልእተ-ጸጋ ገይሩ ኣደ ውሉዱ ክትከውን መሪጹ ልዕሊ ኵለን ፍጡራቱ እንተሸማ፡ ንዮሴፍ ካብኡ ዘይንእስ ሓላፍነት ሂቡዎ። ኣምላኽ ኢየሱስ ኣብ ገዛ ሰብ ሓዳር ኪውለድ መረጸ፡ ንማርያም መሓለዊ ክብረታ ኪኸውን፡ ኢየሱስ ድማ መንነቱ ዚገልጸሉ እዋን ክሳዕ ዚመጽእ "ወዲ ዮሴፍ ጸራባይ" ተባሂሉ ኪዓቢ። እግዚኣብሔር ንወዱን ወላዲቱን ዝነበሮ ሓልዮት ንዮሴፍ ይገልጸሉ፡ ዮሴፍ ድማ ይትግብሮ።
ብዛዕባ ዮሴፍ ማቴዎስ ወንጌላዊ ንኹሉ ኣብ ሓደ ቃል የጠቓልሎ፡ "ጻድቕ" ዝብሎ መዓርግ ይህቦ። ጻድቕ ማለት ድማ ብመንገዲ ኣምላኽ ዚመላለስ ማለት ኢዩ። ጻድቕ ስለዝነበረ፡ ነቲ ኣብ ማርያም ዚፍጸም ዝነበረ ተኣምራት፡ ኪርድኦ እኳ እንተዘይከኣለ ብእምነትን ብትሕትናን ይእዘዝን፡ "ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ" ዚብል ቃል ካብ ኣፉ እኳ እንተ ዘይሰሚዕና፡ ግን ብተግባር ኪፍጽሞ ንርእዮ። ደድሕሪ ማርያም ኪኸይድ፡ ንማርያም እንዳ ኤልሳበጥ ኬብጽሓ፡ ካብኡ ኪመልሳ፡ ንማርያም ነፍሲ ጾር ንቤተልሔም ኪወስዳ እንከሎ ብኽንደይ ጥንቃቔን ፍቕርን ሓልዮትን ገይሩዎ ኪኸውን ባዕላትና ክንግምቶ ንኽእል። ናይ ማርያም ምሥጢርን ዕቤትን ድንግልናን ኪሕሉ ክንደይ ተጠንቂቑ ይኸውን ንሕሰቦ።
"ሰብኡት! ነንስትኹም ኣፍቅሩወን!ከም ገዛእ ሰውነትኩም ገርኩም ኣፍቅሩወን" (ኤፌ 5፡ 27-28)፡ ዚብል ትእዛዝ እግዚኣብሔር ኣብ ዮሴፍ 100 ካብ 100 ኪፍጸም ንርእዮ። ኣብ ጐድኒ ማርያም ኰንካ ወዳ ምዕባይ ቀሊል ነገር ኣይነበረን፡ ንኣምላኽ ጽን ኢልካ ምስማዕ፡ ብመዓልትን ብለይትን ምርጫኻ ገዲፍካ ምርጫ ኣምላኽን ማርያምን ምኽታል ዚሓትት ሓላፍነት ኢዩ ነይሩ።
ወልደ ኣምላኽን ወላዲቱን ከይስእኑን ከይጠምዩን ኢሉ ዮሴፍ ክንደይ ከምዝደኸመን ክንደይ ከምተዓጠቐን ባዕላትና ንገምቶ። ኣብ ገዛ ሰላም፡ ሓጐስ፡ ሰሓቕ፡ ምርድዳእ፡ ኪርከብ ክንደይ ይጽዕር ነይሩ ይኸውን። ካብ ሠለስቲኦም ዝተሓተ ጸጋ፡ ዕድል፡ በረኸት፡ ከምዝነበረ ስለዝፈልጥ ድማ፡ ክንደይ ይዛተዮም፡ ጽን ኢሉ ይሰምዮምን ከምዝነበረ ክንግምት ንኽእል።
ካብ ዮሴፍ ናብ ቅድስቲ በዓልቲ ቃል ኪዳኑ፡ ማርያም፡ ክንሓልፍ።
ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእሳ ቅድስናኣን ፍሉይ ፍቕራ ናብ ኣምላኽን ወዳን ብዙሕ ጊዜ ኣብ ዓመት ክንዛረብ ዕድል ስለንረክብ፡ ሎሚ ብዛዕባ ርክባ ምስ ንጹሕ በዓል ቃል ኪዳና ዮሴፍ ክነስተንትን። ቅድሚ ኵሉ ብዛዕባ ኢየሱስ ሕጻን ኪዝረብ እንከሎ ማርያምን ዮሴፍን ብሓንሳእ ይስመዩ፡ ብሓንሳእ ንቤተልሔም፡ ንግብጺ፡ ንናዝሬት፡ ናብ ቤትመቕደስን ይኸዱ። ኣቦ ኢየሱስ ኣይኹን ዳ እምበር፡ ማርያም ንዮሴፍ ሓላፍነት ወላዲ ኪወስድ ትገድፎ፡ ንሱ ንኢየሱስ ስም ኬውጻኣሉ ተፍቅደሉ። ኢየሱስ ከም ወዲ "ዮሴፍ ጸራባይ" ኪፍለጥ ኣይትሓንኽን። ባዕላ እኳ ንኢየሱስ ኣብ ቤተመቕደስ ምስ ተሰወረ፡ "ኣቦኻን ኣነን ተጨኒቕና ክንደልየካ ቀኒና!" ኢላ ስክፍታን ስንባዴን ዮሴፍ ሰብኣያ ትገልጽ። ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ሰብ ሓዳር ኪዛረብ እንከሎ፡ "ኣንስቲ ንሰብኡትክን ተኣዘዛኦም!" ኢሉ ይእዝዝ። ኣደ ማርያም ነዚ መምርሒ እዚ በየናይ ፍቕሪ፡ በየናይ ምትኅብባር፡ ፈጺማቶ ትኸውን ኢልና ክንግምቶ ንኽእል።